## ዕማም

1. መዓስን ስለምንታይን ውድብ ሕቡራት ሃገራት ተመስረቱ?

2. ነቲ "ዩናይትድ ኔሽንስ" ዝብል ኣምር መጀመርያ ዝተጠቕመ ሰብ መን እዩ ኔሩ?

3. ውድብ ሕቡራት ሃገራት ክንደይ ኣባላት ሃገራት ዚሓቖፈ እዩ?

4. ኣብ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ክንደይ ቀወምቲ ሃገራት ኣለዋ? ስለምንታይ ቀወምቲ ሃገራት ኮይነን?

5. ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝጥቀመለን ወግዓውያን ቋንቋታት ኣየኖት እየን?

6. ቀንዲ ቤት ጽሕፈት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣበይ ይርከብ?

7. ቀዳማይ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት መን እዩ ኔሩ?

8. ሕጂ ዘሎ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት መን ይብሃል?

9. ነቲ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝግበር ንጥፈታት ኣሕጽር ኣቢልካ ጽሓፍ።?

10. ብዛዕባ ጠቓምነት ሸቶ ሽህ ዓመት ውድብ ሕቡራት ሃገራት እንታይ ምበልካ?

## ንጥፈታት

1. ብዛዕባ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዚገልጽ ፖስተር ኣዳሉ።

2. ኢንተርኔት ተጠቒምካ፡ ኖርወይ ብኸመይ ኣብ ኣኼባ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከምትሳተፍ ድለ።

3. ብዛዕባ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ስልጣን ዝነበሮም ኖርወጃያን ሓበሬታ ርኸብ።